*<u>ኣገዳሲ መምርሒታት ንዕቀባ ዝሓቱ ስደተኛታት</u> ።*

*እዚ ሰነድ ንናይ ስደተኛ ሕቶ ኣድለይቲ ሓበሬታ ዝህብ ኮይኑ፡ ብተወሳኺ ነዚ ዝኽተል ነገራት ኣብ ግምት ክተእቱ የዘኻኽር ።*

1. *ብናትካ ክሳራ ጠበቓ ሒዝካ ክትቀርብ መሰል ኣለካ ፡ ግን እቲ ዝመረጽካዮ ጠበቓ ኣብቲ ናይ ፍርዲ ዕለት ናይ ግድን ክቐርብ ኣለዎ ።*
2. *ንጉዳይካ ኣድላዪ ዝኾኑ ሰነዳት ንኽፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት (ክ ሓ ስ) (RPD) ናይ ክፍሊ ኢሚግረይሽንን ስደተኛታትን (IRB) ክተቕርብ ሓላፍነትካ ኢዩ ።*

*<u>ዕቑባ ምሕታት፡-</u>*

*ንሓደ መኮነን ናይ ኣገልግሎት ዶብ ካናዳ (ኣዶክ) (CBSA) ወይ ኣብቲ ኣብ ካናዳ እትኣትወሉ ዘሎኻ ቦታ ንሓደ ወኪል ናይ ካናዳ ኢሚግራሽንን ስደተኛን ዜግነትን ክፍሊ ክትውክስ ትኽእል።*
*(ኣብ ሃገር መእተዊ ቦታ ማለት፡ ኤርፖርት ወይ ወደብ ወይ ከኣ ብዶብ ኣመሪካ) ።*
*ኣብ ውሽጢ ሃገር እንተኾይኑ ግን ኣብ ዝኾነ ቤት ጽሕፈት ናይ እዘን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ ትካላት ክግበር ይካኣል ።*
*እቲ መኮነን ሕቶኻ ብቑዕ ኮይኑ እንተረኺቡዎ ንቐጻራ ቤት ፍርዲ ፡ ንኽፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት ከማሓላልፎ እዩ። ሽው ግዜ ጉዳይካ ከምዝተሓላለፈ ብጽሑፍ መረጋገጺ ደብዳቤ ክትቅበል ኢኻ። ኣብ ዝመጽእ ዕለታት ከኣ፡ ዕለት ፍርድን ሰዓትን ቦታን ብጽሑፍ ክንገረካ እዩ።*

*<u>ቅጺ ዋና መሕተቲ ጉዳይካ፡-</u>*

*ነፍስወከፍ ሓታቲ ናይ ግድን ቅጺ ናይ መሕተቲ (BOC) ንኽፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት ክመልእ ኣለዎ ። ናይ ዕቑባ ሕቶኻ እንተደኣ ኣብ ውሽጢ ካናዳ ኮይኑ ፡መሕተቲኻ ሰነድ ናብቲ መኮነን ከተቕርብ ኣሎካ ፡ እቲ መኮነን ከኣ ናብ ክፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት (ክሓስ) ከመሓላልፎ እዩ። እቲ ሕቶኻ ኣብ መእተዊ ሃገር እንተ ደኣ ኮይኑ እቲ መኮነን ነቲ ዋና መሕተቲ ቅጺ (ዋ መ ቅ) (BOC) ንኽትመልኦ ክህበካ እዩ ። ንዋመቅ (BOC) ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ካብ እታ ዝሃበካ ዕለት ፡ መሊእካ ኣብቲ ዝተመደብካሉ ቦታ ከተቕርብ ኣሎካ፡ ዋላኳ ኣብ ካልእ ቦታ እንተከድካ ።*
*እንተደ ኣ ንዋመቅ (BOC) ብዕለቱ ከተእትዎ ዘይኪኢልካ ፡ ናብ ፍሉይ ፍርዲ-ቤት ቀሪብካ ንምንታይ ከተቕርቦ ከምዘይከካኣልካ ምኽንያትካ ክትገልጽ ኣሎካ። ተጸዊዕካ ኣብ ፍርዲ ቤት እንተዘይቐሪብካ ወይ ብቑዕ ምኽንያት እንተዘ ይሂብካ ጉዳይካ ውዱቅ ኪበሃል እዩ። እንተደኣ ዋመቅ (BOC) ብግዚኡ ዘየቕሪብካ ፡ሓበሬታ ብዛዕባ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ናይ እቲ ፍሉይ ፍርዲ-ቤት፡ ኣብቲ መረጋገጺ ጉዳይካ ኣብ ክሓስ ከምዝተሓለልፈ ዝገልጽ ደብዳቤ ይርከብ።*

<u>ቆጸራ ፍርዲ-ቤት</u> ፡-

ብካልእ ግዜ ናይ ፍርዲ-ቤት ቆጸራ ብዝምልከት ዕለትን ሰዓትን ቦታን ዝገልጽ ናይ ጻዊዒት-ደብዳቤ ክለኣኸካ እዩ። እንተደኣ በዚ ዕለት ዘይተረኺብካ፡ ኣብ ፍሉይ ፍርዲ-ቤት ቀሪብካ ንምንታይ ከምዘይመጻእካ ምኽንያትካ ክትገልጽ ኣሎካ። ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ እዚ ፍሉይ ፍርዲ-ቤት ዕለትን ሰዓትን ቦታን ብዝምልከት ከምኡ ድማ ናይ ጉዳይካ ምርሕራሕካ ኣብቲ ናይ ጻውዒት-ደብዳቤ ክግለጸልካ እዩ ። እንተደኣ ኣብዚ ፍሉይ ፍርዲ-ቤት ዘይቀሪብካ ወይ ከኣ ብቁዕ ምኽንያት ኣብ ቆጸራኻ ዘይመምጺኢኻ እንተዘይገሊጽካ፡ ጉዳይካ ውዱቅ ኪኸውን ኢዩ። እንተደኣ ክሓስ (RPD) በዚ ምኽንያት ናይ ዑቅባ ሕቶኻ ነጺጋቶ፡ ጉዳይካ ኪቅጽል ኣይክእልን ፡ ወይ ከኣ ካልእ ናይ ዑቅባ ሕቶ ኣብ ዝመጽእ ጊዜ ከተቅርብ ኣይትክእልን።

…/2



Canada

*ትፍረደሉ ማዓልቲ ፦*

*ከም ሉሙድ ናይ ፍርዲ ግዜ ናብ ፍርቂ ማዓልቲ ኣቢሉ እዩ ዝወሰድ ፡ ማለት ናይ ንጉሆ ወይ ድሕሪ ቀትሪ ኪኸውን ይኽእል። ናይ ፍርዲ ጉዳያት ብግልን ብምስጢርን ዝታሓዙ እዮም ። ውሳኔ ናይ ፍርድኻ ብኣባላት ክፍለ ሓለዋ ሰደተኛታት እዩ ዝውሰን ። ዝውሰኑ ኣባላት ክፍለ ሓለዋ ሰደተኛታት ኮይኖም ንሳቶም ድማ ብዛዕባ ሓለዋ ሰደተኛታት ኡኹል ስልጠና ዝተዋህቦ ም*

*ኢዮም ። እንተደኣ እቲ ዳኛ ኣብ ካልእ ቦታ ኮይኑ ፍርዲ ብኣካል ወይ ብስልኪ ክኸውን ይኽእል ። ኣብቲ ቤት ፍርዲ ምስክርነትካ ትህብ ፡ ከምኡውን ብዳኛን ብጠበቓን ዝለዓሉ ሕቶታት መልሲ ክትህብ ኣሎካ ። እንተዳኣ ካብ ናይ ካናዳ እሚግሬሽንን ሰደተኛታትን ዜግነትን ክፍሊ (IRCC) ወይ ካብ ናይ ካናዳ ሓለዋ ዶብ ( CBSA) ዝካፈሉ እንተልዮም ንሳቶምውን ሕቶታት ከቕርቡልካ ኢዮም፡፡ መሰኻኽር እንተልዮምኻ፡ ኪምስክሩልካ ኪፍቀደሎም እዩ። ንሰኻን መሰኻኽርካን ምስ ወዳእኩም እቲ ዳኛ ንዓኻ ወይ ንጠበቓኻ ነቲ ዓለምለኻዊ መስፈርቲ ናይ ሰደተና ተማልእ እንተኾንካ ወይ ብሓቂ ዑቕባ ይግባኣካ እንተኮይኑ ግለጹለይ ኢሉ ኪሓትት ይኽእል።*

- *ዓለም ለኻዊ ሰደተኛ ዘግብረካ ፡ ኣብ ዓዲ-ዘግነትካ ሓቀኛ ፍርሒ ናይ ምስዳድ ብናይ ዓሌትካ ወይ ብሃይማኖትካ ወይ ናይ ፍሉይ ማህበረ-ሰብ ኣባል ብምዃን ካ ወይ ከኣ ብፖለቲካዊ ኣራኣእያኻ ።*
- *ሓለዋ -ዑቑባ ፡ ሓለዋ የድልዮ ዘብለካ ከኣ ናይ ግሊ መግፋዕቲ ዘንጸላልወካ እንተኮይኑ ፡ ንሂወትካ ዘስግእ ጨካን ኣተሓሕዛ ፡ ወይ መቕጻዕቲ ኣብ ዓድኻ እንተተመሊስካ ዝጽበየካ እንተኾይኑ።*

*ውሳኔ፦*

*እቲ ዳኛ ንጉዳይካ ኣብ መወዳእታ ናይ እቲ ፍርዲ መዓልቲ ውሳኔ ገይሩ ክነግረካ ይኽእል፡ወይ ከኣ ጸኒሑ ድሕሪ ቅሩብ መኣልቲታት ነቲ ውሳኔ ብደብዳቤ ክልኣኽልካ ይኽእል። ናይ ውሳኔ ደብዳቤ ክለኣኽ እንከሎ ምኽንያታት ንምንታይ ከምዝተቐበለካ ወይ ከምዝነጸገካ ኣብኡ ይግለጽ። ሕቶኻ እንተደኣ ተነጺጉ ናብ ሰደተኛ ኪፍሊ ይግባኝ (RAD) ወይ ከኣ ኣብ ፈደራል ቤት ፍርዲ ክትከይድ ትኽእልዶ ወይስ ኣይትኽእልን ክሕብረካ ይኽእል።*

*ምቕያር ናይ ፍርዲ ቦታ ፦*

እንተደኣ ካናዳ ኣብ ዝኣቶኻሉ ቦታ ኹንካ ዑቅባ ዝሓተትካ፡ እቲ ናይ ምውካስ መረጋገጺ ደብዳቤ እቲ ዋና መሕተቲ ቅጽ (BOC) ኣበይ ከምተእትዎ ኮምኡ ውን ፍርዲ-ቤትካ ኣበይ ከምዝኸን ይሕብር። እንተደ ኣ ኣብ ካልእ ቦታ ክትቅይር ሓሲብካ እሞ ፍርዲ-ቤት ውን ኣብ ካልእ ከተማ ክኸውን እንተኾይኑ፡ ብጽሑፍ ክትሓትት ኣሎካ። ነዚ ዝተዳለወ ሓደ ቅጽ ኣብ

[http://cisr-irb.gc.ca/](http://cisr-irb.gc.ca/) ይርከብ።

ክሓስ (RPD) ነዚ ናይ ምቅያር ምምልካት እንተወሓደ 20 መኣልቲ ቅድሚ ጉዳይካ ምቅጻሉ ክበጽሖም ኣለዎ። ኣባል ክሓስ ነዚ ለውጢ ክቅበል ወይ ክነጽግ ይኽእል። ብቐሊሉ ዝግበር ኣይኮነን። ክሳብ ናይ እዚ ውሳኔ ዝበጽሓካ ኣብ ናይ ቀደምካ ኣድራሳ ርከብካ ቀጽል ሰነዳት'ውን ኣብኡ ልኣኽ ። ንፍርዲ-ቤት ቀጸራ እንተሊዩካ እሞ ክሳብ ሽዑ መልሲ እንተ ዘይረኺብካ ፡ መዓልትኻ ምስኣኽለት ኣብቲ ናይ ቀደም ቖጸራኻ ንፍርዲ መኣልቲ ተቀሪብካ ኪድ።

*ምቕያር ዕለት ወይ ሳዓት ናይ ፍርዲ ቤት፦*

_ *እንተደኣ ናይ ፍርዲ ዕለትን ሰዓትን ክትቅይር ደሊኻ ፡ ናይ ግድን ብጹሑፍ ከተፍልጥ ኣለካ ። ብናይ ጥዕና ወይ ካልእ ናይ ህጹጽ ኩነታት ምኽንያት እንተዘይኮይኑ ፡ኣቶም ክፍሊ ሓለዋ ሰደተኛታት እንተ ወሓደ ሰለስተ ናይ ስራሕ ማዓልታት ቅድሚ ናይ ፍርድኻ ዕለት ክፈልጡ ኣለዎም ። ክሓስ ዕለትን ሰኣትን ናይ ፍርዲ-ቤት ዝቅዩሩሉ ዘይልሙድ ነገራት ከም ናይ ሕማምን ወይ ካልእ ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ዝኾነ ኩነታት ምስ ዘጋጥም እዩ። ቅድሚ መ ኣልቲ ቖጸራኻ መልሲ እንተዘይረኺብካ ብዕለት ቆጸራኻን ሰኣትን ክትርከብ ኣሎካ፡ ከም ኡውን ተዳሊኻ ክትመጺእ ኣሎካ ።*

*ጥምና ምስክር ወረቐት ፦*

*እንተዳኣ ኣብቲ ናይ ፍርዲ -ቤት ቆጸራኻ ዘይተረኺብካ ፡ ወይ ዋና መሕተቲ ቅጽ ብዕለቱ ዘይ ኣተወ ንክተእቱ መኣልቲ ክናዋሓልካ ዘይሓተትካ፡ ወይ ዕለትን ሰዓትን መዓልት-ቐጸራ ብናይ ጥዕና ምኽንያት እንተዘይተረኺብካ ። ብናይ ጥዕና ምኽንያት እንተኮይኑ ካብ ሓኪም ምስክር ወረከት ወረቐት ክተምጽእ ኣሎካ። እቲ ናይ ሕክምና ምስክር ወረቐት ቕዳሕ ክኸውን የብሉን ብተወሳኺ ብኑጹር ዝንበብ ን ዕለትን ክገልጽ ኣለዎ ። ናይ ግድን ብዶክቶር ወይ ናይ ሕክምና ክኢላ ዝተፈረመ ኮይኑ ፡ ብተወሳኺ ናይቲ ሓኪም ስምን ኣድራሻን ኣብቲ ምስክር ወረቐት ዝተማለአ ክኸውን ኣለዎ ። ኣብቲ ናይ ሕክምና ወረቐት ምዓስ ጉዳይ ፍርዲ-ቤትካ ክትከታተል ከምትኽእል ክግለጽ ኣለዎ ። ኮሙኡ ድማ ኩነታት ጥዕናኻ ብዝምልከት ፡ ናይ ሕማም ዓይነታት ክግለጽ ኣድላዪ ኣይኮነን ። ንሑሙማን ዝምላእ ቅጺ ዝተዳለወ ኣብ* [http://www.cisr-irb.gc.ca](http://www.cisr-irb.gc.ca) *ኣሎ። እንተ ደኣ ኣድላዪ ኮይኑ ተረኺቡ።*

*ትርከበሉ ኣድራሻ ፦*

እንተደ ኣ ናይ መራኸቢ ኣድራሻታትካ ተቐይሩ፡ ብቅልጡፍ ንትካል ኢሚግራሽንን ስደተኛን (IRB) ንናይ ካናዳ ኢሚግረሽንን ስደተኛን ዜግነትን (IRCC) ከምኡ ከኣ ናይ ካናዳ ኣገልግሎት ሓለዋ ዶብ (CBSA) ብጽሑፍ ክንገር ኣለዎ። ትኽክል ዝኾነ መራኸቢ ምሳኻ እንተዘየልዩና ርክብ ምሳኻ ንኽንገብር የጸግመና እዩ።እዚ ከኣ ነቲ ሕቶኻ ውዱቅ ክገብሮ ይኽእል እዩ። እንተደኣ ክሓስ (RPD) ጉዳይካ ውዱቅ ኢላ ነጺጋቶ፡ ሕቶኻ ክትቅጽሎ ኣይትኽእልን፡ ወይ ከኣ ኣብ ዝመጽእ ጊዜ እንደገና ክትሓትት ኣይፍቀድን።

*ጠበቓ*

*ብናትካ ክሳራ ጠበቓ (ናይ ሕጊ ምሁር ወይ ናይ ኢሚግራሽን ክኢላ) ክተቐርብ መሰል ኣሎካ። ወይ ከኣ ነፍስኻ ክትውክለ ትኽእል። ካብ ኣውራጃዊ ናይ ሕጊ ረዲኣት ሓገዝ ንክትረክብ ምናልባት ብቑዕ ትኸውን። ጠበቓ እንተዘይብልካ እሞ የድሊየካ እንተኾይኑ፡ ብዝቐልጠፈ ጊዜ ጠበቓ ክትሕዝ ኣሎካ። ጠበቓኻ ገንዘብ ይሓትት እንተኾይኑ ( ወይ ካልእ ኣብ ግምት ዘእትዎ እንተለዎ) ናይ ጠበቓ ርክብ ሓበሬታ ቅጽ ክመልእ ኣለዎ።*
*ሓደ ጠበቓ ኣባል ናይ ፍቁድ ማሕበር ዘይኮይነ ክውክለካ ዝፍቀደሉ ብዘይ ክፍሊት ዝሰርሕ እንተኾይኑ ጥራይ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ንስኻን ጠበቓኻን ምልክታ ናይ ውክልና ብዘይ ክፍሊት ወይ ካልእ ግምገማ ቅጽ ክትመልኡ ኣሎኩም።*
*እንተደኣ ጠበቓ ቖጺርካ፡ ወይ ጠበቓ ቀዪርካ ብጽሑፍ ቀልጢፍካ ንክሓስን (RPD) ንናይ ካናዳ ኢሚግረሽንን ስደተኛን ዜግነትን (IRCC) ከምኡውን ንናይ ካናዳ ኣገልግሎት ዶብ (CBSA) ናይ ጠበቓኻ ስምን ኣድራሻን ቑጽሪ ሲልኪ ተለፎንን ፍክስን ከምኡ ከኣ ናይ ኢመይል ኣድራሻ ክተፍልጥ ኣሎካ።*
*ቖጸራ መዓልቲ ድሕሪ ምውሳኑ ጠበቓ እንተደኣ ቖጺርካ፡ ኣብቲ ቖጸራ ጠበቓኻ ኪርከብን ኪሳተፍን ኣለዎ ። ክፍሊ ሓልዋ ስደተኛታት (RPD) ጠበቓ ስለ ዘይመጸ ዕለትን ሰዓትን ናይ ፍርዲ ቤት ኣይትቅይርን ኢያ። እንተደኣ ጠበቓ ቀዪርካ ነቲ ሃዲሽ ጠበቓ ኩሉ ንጉዳይካ ኣድላዪ ሰነዳት ክትህቦ ኣሎካ። እዚ ማለት ኩሉ ሰነዳት ብኣኻ ወይ ብክፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት ወይ ብካልእ ነቲ ቀዳማይ ጠበቓ ተዋሂቡዎ ዝነበረ የመልከት።*

*ሰነዳትን መሰኻኽርን ምጥቃም*

ጉዳይካ ንክሰልጠልካ ፡ ኪጠቅመካ ዝኽእል ዝኾነ ዓይነት ሰነድ ከም ናይ ፖሊስ ጽሑፋት፡ ካብ ናይ ሕክምና መዝገባት ፡ናይ ጋዜጣ ቕርጽራጻት ፡ ክተቅርብ ፈትን ። ኣብ ፍርዲ-ቤት ሓዲሽ ሰነድ ክትጥቀም እንተሓሲብካ ፡ እዚ ሰነድ ቅድሚ 10 መዓልቲ ንክፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት ተዋሂቡ ኪኸውን ኣረጋግጽ ። ቅድሚ ምጅማር ፍርዲ መበቐላዊ (ዘይተቀድሀ) ሰነድ ክተቅርብ ኣሎካ ። ካብ ሓደ ሰነድ ንላዕሊ ተቅርብ እንተሊኻ መጀመሪያ ዘርዝሮ ድሕሪኡ ተኸታታሊ ቕጽሪ ከም ሓደ ዓይነት ሰነድ ሃቦ ።

…/4

- እንተደኣ ቓንቓ እንግሊዝ ወይ ፈረንሳይ ዘይኮነ ሰነድ ክተቅርብ ደሊኻ ብወግዓዊ መንገዲ ዝተገብረ ትርጉም ናቱ ኪቀርብ ኣለዎ ።
- ምስክር እንተሊዩካ ክፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት ኣቀዲማ ብዛዕባ እቲ ምስክር ኣድላዪ ሓበሬታ (ምስ ኣድራሽኡ ከምኡውን እቲ ምስክርነት ብዛዕባ እንታይ ምዃኑ) 10 መዓልቲ ቅድሚ ቖጸራ ክትንገር ኣለዋ ።

<u>ናይ መንነት ሰነዳት</u>

መንነትካ ዘረጋግጹ ሰነዳት ክተቕርብ ኣሎካ። ቅዳሕ ዘይኮነ ሰነዳት መንነት ኣብ ቤት-ፍርዲ ኪቀርብ ኣለዎ ። እንተዘይኮይኑ ንምንታይ ክተቅርብ ከምዘይከኣልካ ከምኡ ከኣ ንክተማሊእ እንታይ ጻዕሪ ከዝገበርካ ክተብርህ ኣሎካ ።

<u>ቓንቓን ኣስተርጓምን</u>

እቲ መጋባእያ ናትካ በቲ ዕላዊ ቓንቓ (ፈረንሳይ ወይ እንግሊዝ) ኪኸውን ኢዩ።
እንተደኣ ተሓቲትሉ ኣስተርጓሚ በቲ ዝመረጽካዮ ቓንቓኻ ኪግበረልካ ኢዩ ፡፡
እንተደኣ ነቲ ወግዓዊ ቓንቓ ናይ ቤት-ፍርዲ ኪትቅይሮ ደሊኻ ፡ 10 መዓልቲ ኣቀዲምካ ንክፍሊ ሓለዋ ስደተኛታትን (RPD) ንናይ ካናዳ ኢሚግረይሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን (IRCC) ንክፍሊ ኣገልግሎት ሓልዋ ዶብን (CBSA) ኪንገር ኣለዎ ።
እንተደኣ ዝትርኘመሉ ቓንቓ ክትቅይር ደሊኻ ፡ 10 መኣልቲ ቅድሚ ቖጸራ ንክፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት ብጽሑፍ ክተፍልጦም ኣሎካ ።

<u>ሃገራዊ መዛግብ ናይ ሰነዳት</u>

ክፍሊ ኢሚግረይሽንን ስደተኛታትን (ኪኢስ) (IRB) ንዝኾነት ዓዲ ካብኣ ስደተኛታት ዝመጽኡዋ መዛግብ ትሕዝ ኢያ ።ንስኻውን ናይ ዓድኻ ሰነዳት ኣብዚ ዘሎ ንጉዳይካ ክጥቀመሉ ትኽእል፡ ክፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት ካብኡ ምጥቃሞም ስለዘይተርፎም። እቲ ሓገራዊ መዛግት ሰነዳት ሓበረታ ብዛዕባ ኩነታት ሃገር ከም መሰል ሰባት ካብ ኣህጉራዊ ማህበራት ዝተኣከበ ኣለዎም ። ከምኡውን ናይ ክፍሊ ኢሚግረሽንን ስደተኛታትን (ኪኢስ) (IRB) ናይ እንተርነት መርበብ እቲ ሓዲስ ወረ ክትረኽበሉ ስለ እትኽእል ቅድሚ ቤት-ፍርዲኻ ተወከሶ ። ቅዳሕ ናይ እዚ መዛግት ካልእውን ኣገዳሲ ሓበረታት ኣብ መርበብ ክኢስ (IRB) http://www.cisr-irb.gc.ca/ ኪረኣ ይከኣል ።

ንተወሳኺ ሓበረታ ናይ ሓታትይ መምርሒ ርአ፡ ወይ ናይ መስገብ ቤት-ጽሕፈት ተወከስ ካብ'ዚ ኣብ ታህቲ ዘለዉ ኣድራሻታት፡:

ናይ ክፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት
መዝገብ-ቤት ኦፊስ

<u>Eastern Region</u>

Montréal
Guy-Favreau Complex
200 René-Lévesque Blvd. West
East Tower, Room 102
Montreal, Quebec H2Z 1X4
Telephone: 514-283-7733 or
1-866-626-8719
Fax: 514-283-0164

<u>Central Region</u>

Toronto
25 St. Clair Ave E,
Suite 200
Toronto, Ontario M4T 0A8
Telephone:
416-954-1000 or
1-866-790-0581
Fax: 416-954-1165

<u>Western Region</u>

Vancouver
300 West Georgia Street,
Suite 1600
Vancouver, BC V6B 6C9
Telephone: 604-666-5946 or
1-866-787-7472
Fax: 604-666-3043